ተምሳል፡ **ክጽወር ዘይክእል ከቢድ ግፍዒ ህ.ግ.ዲ.ፍ**




ነዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ስእሊ፡ ዘመልክቶ ብዙሕ ነገራት'ኳ እንተሃለወ፡ ነቲ ጽዕነት ሪእኻ፡ ክብደት ጥራሕ ትርኢ፡ ከስሕቐካ'ውን ይኽእል። ኣብ ሓሳብ ምስ ኣተኻ ግን እቲ ምኽንያት ብዙሕ ጉድለት ከም ዘለዎ ትዕዘብ።

ኣብ'ዚ ስእሊ ዘሎ ጽዕነት፡ ምስ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ፡ ኣብ ህዝቢ ዘውርዶ ከቢድ ግፍዒ ከተመዛዝን፡ ገገለ ንምጥቃስ፡ ስስዐ፡ ሚዛን ዘይብሉ፡ ዝተደራረበ፡ ኣብ ሽግር ዘብጽሕ መንገድን ኣተኣላልያን ምሕደራ'ዩ።

ህዝቢ ኤርትራ በዚ ኣገባብ ምሕደራ፡ ካብ ብዙሕ ጸበባን መከራን ከም ዘይወጽእ፡ ከም'ዚ እንስሳ ተኣሲሩ፡ ከምልጥ ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ ዘሎ፡ ህዝብና ከኣ ኣብ ከምኡ ደረጃ መነባብሮ ኣብ ትሕቲ ህ.ግ.ዲ.ፍ ካብ ዝሳቐ ዓመታት ኮይንዎ ኣሎ።

እቲ ኩሉ ነዚ ጸገም ዝርዳእ ፍታሕ ንምንዳይ፡ ነቲ ጾር ኣልጊስካ፡ ነቲ እንስሳ ከኣ ልጓሙ ክፍትሓሉ ምግባር ከም ዝኾነ፡ ጸገም ህዝቢ ኤርትራ ክፍታሕ ከኣ፡ ነቲ ስርዓት ኣልጊስካ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ሓራ ምውጻእን፡ ካብ ማእሰርቲ ንልጓም ህ.ግ.ዲ.ፍ ምድሓኑ'ዩ።

16 ግንቦት 2007
ኣንቶንዮ ተስፋይ